ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ

ፈጻሚ ኣካል

جبهة الإنقاذ الوطني الإرترية

الهيئة التنفيذية

ERITREAN NATIONAL SALVATION FRONT

Executive Committee

# መግለጺ መሪር ሓዘን
# ብምኽንያት ዕርፍቲ በሃር ስነ ጥበባዊ ኢዮብ ሃይለ

ብጻይናን መቓልስትናን በሃር ስነ ጥበባዊ ሓርበኛ ኢዮብ ሃይለ ካብዛ መራር ዓለም ብሃንደበታዊ ድንገት ብዕለት 07/12/2023 ኣብ ከተማ ፍራንክፎርት ብሞት ተፈሊዩና። ብጻይ ኢዮብ ንነጻነት ሃገሩን ንዝፈትዎ ህዝቡን ካብ መግዛእታዊ ስርዓት ኢትዮጵያ ሓራ ንምውጻእ ዝፈትዋ ህይወቱ ከወፊ ካብ ‘ቶም ኣንጊሆም ዝተበገሱን ልዑል ታራን ግደን ዝነበሮምን ሓርበኛታት እዩ። በሃር ስነ ጥበባዊ ኢዮብ ሃይለ ኣባል ክፍሊ ሃገራዊ ሙዚቃን ቲያትርን መሪሕ ውድብና ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ብምኳን ንሃገራዊ ፍናንን ንያት ቃልስን ህዝብና ክብ ንምባል ኣዚዮ መሳጥን ዓቢ ትርጉም ዝሓዘለን፣ ንዉሉድ ወለዶ እናተዘከረ ዝነበር ዜማታት ሓዲጉልና ከይዱ።




ብጻይ ኢዮብ ሃይለ “ነዛ ተፈታዊት ሃገርና ኤርትራ፣ ክስውኣለ ኢየ ንኽትከውን ሓራ” ትብል ዜምኡ ኣብ ሩባታትን ስንጭሮታትን ንፈትዋ ሃገርና ኤርትራ መቓልሓ ክሳብ ሕጂ የድሂ ኣሎ። “ጀብሃ ዓባይ በዓልቲ እርምቲ ጠባይ” ዝብል ቃላቱ’ውን ንዘልኣለም ነባሪ ሓቀኛ መግለጺ ተሓኤ ኢዩ።

መለልዩ ስነ ጥበባዊ ብጻይና ኢዮብ ሃይለ፣ ተባዕ ኣብ መትከሉን፣ ዘበገሶ ዕላማ ንምትግባር ነግ ፈረግ ዘይብልን ጽኑዕ ባእታ ኢዩ። ውድብና ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ብፍላይ፣ ህዝቢ ኤርትራን ኩሎም ደለይቲ ፍትሕን ድማ ብሓፈሻ፣ ሓደ ካብቶም ኣብ መስርሕ ቃልሲ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ልሉይ ተራ ክጻወቱ ተስፋ ተነቢርሎም ዝነበረ፣ ሃገራዊ ወናም ከሲርና ብምህላውና መሪር ሓዘን ከም ተሰማዓና ንገልጽ።

ብስም ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራን፣ ከምኡ’ውን ብስም ኩሎም መቓልስቱን ፈተውቱን ኣዕርክቱን ዝተሰማዓና መሪር ሓዘን ብምግላጽ፣ ራእን ባህግን ብጻይና በሃር ኢዮብ ሃይለን ኩሎም ስዉኣት ብጾትናን ኣብ መፈጸምታ ንምብጻሕ ብዘለና ዓቅሚ ምስ ኩሎም ሓይልታት ተቓውሞን ደለይቲ ፍትሕን ተሓባቢርና ከነተግብሮ መብጻዓና ነሐድስ።

ንብጻይና ተጋዳላይ ኢዮብ ሃይለ መንግስተ ሰማያት የዋርሶ፣ ንክብርቲ ባዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ኣዘነጋሽ ተኽለን ንምሉኣት ስድራ ቤቱን ፈተውቱን፣ ከምኡ’ውን ንመላእ ደላይ ፍትሕን ዲሞክራስያዊ ለውጥን ጽንዓት ይሃቦም ይሃበና፣

ፈጻሚ ኣካል ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ

09/12/2023